# መሊቓቶ!

ብሸደን ሳሙኤል

እቲ ጸይቀ-ዕሉል፡ ግብሪ-እከይ
ክትርኹመሽ ዝተመነየላ፡ መንደላይ
ዕረ እንዳጣዓሞ፡ ሽማ ከልዕላ
ጥልዕ ጒምብሕ ክብል ሪእየዮ
ዉሽጡ-ሕሩር ክነሱ፡ ክደርፈላ ሰሚዔዮ።
ፈትዩ መዓስ ኮይኑ?
ቍንቛኛ ህላዌኣ፡ ሓርቢትዎ
ገማዕማዕ ዘይምባላ፡ ኣርሚምዎ።
ከበሳ ቆላኣ ማይ ነቲዑ
ቆጽላ ምስ ጠጥዔ ኣጉላዕሊዑ።
ቀዝሒ ምዕባሌኣ፡ ለብሊብዎ
ትስፉው መጻኢኣ ድጕሕዎ
ሕልሙ ምስ ተጎርሾ ተለዀሲሱ
ርእሱ ኣድኒኑ ሓምድ ልሒሱ።
ብሰማያዊት ጨርቂ እንዳዛወነ
ፋዕራ ዝገብረሉ ምስ ሰኣነ
ከምስል ተጎልቢቡ ባንደራ
ጊዜ በሊዑ ኣዳህሊሉ ክቐብራ

ዘንጊ ሓቒ’ታ ጥምርቲ ማእዶ

ምስሉያት ተለሊ ካብ ማዕዶ

ንሳኸ’ሞ ሰናፍ’ዶ?

እንግድዕእሎ ተሓሲማቶ

ዘይዋናኣ ምኺኑ ከተፍልጦ

ሸተ...ት ኢላ መሊቑቶ።

ናጽነትና ክብረትና!!

ዓወት ንሓፋሽ!!

ሽደን ሳሙኤል ዋሽንግቶን ዲሲ